## ብመስዋእቲ ሓርበኛ ገዲም ተጋዳላይ ሜጀር ጀነራል ገረዝጊሄር ዓንደማርያም (ዉጩ) ብኣብ ሕ/መ/ኣሜሪካ ዝነብሩ ኤርትራውያን ዜጋታት ዝወጽአ መግለጺ

ንሕና ኣብ ሕ/መ/ ኣሜሪካ እንርከብ ኤርትራውያን፡ ብመስዋእቲ ሓለቓ ስታፍ ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ፡ ሓርበኛ ገዲም ተጋዳላይ ሜጀር ጀነራል ገረዝጊሄር ዓንደማርያም (ውጩ) ፡ ዝተሰማዓና መሪር ሓዘን እንዳገለጽና፡ ቅድም ቀዳድም ንቤተሰቡ ፡ ቀጺልና ንመንግስቲን ንህዝቢን ኤርትራ ጽንዓት ይሃብ ንብል።




ገዲም ሓርበኛ ጀነራል ውጩ ክልተ ሲሶ ካብ ህይወቱ፡ ንሃገሩን ህዝቡን ወፍዩ፡ ካብ ምውላድ ህዝባዊ ሓይልታት፡ ስጋብ ምምጻእ ሃገራዊ ናጽነት፡ ብድሕሪኡ ድማ ኣብ ምዕቃብ ልኡላውነት ሃገር ኣብ ዝተገብሩ ታሪኻውያንን ወሰንትን ወታሃደራዊ ስርሒታት ህዝባዊ ሰራዊት ሓርነት ኤርትራን ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራን ብጥበብ፡ ድፍረትን ተወፋይነትን ዝተዋግኣን ዝመርሐን ተባዕ መራሕ ሰራዊት ብምንባሩ፡ ብታሪኹ ሕቡናት ኢና።

በዚ ኣጋጣሚ፡ ነቲ ስዉእ ሜጀር ጀነራል ገረዝጊሄር ፡ ቅድሚኡ ዝሓለፉ ብጾትን ዝሓደገልና ዕዙዝ ሕድሪ ኣብ ሸቶኡ ንምብጻሕ፡ ሰላምን ቅሳነትን ዝዓሰላ ፡ ስልጥንቲን ስስንቲን ኤርትራ ንምህናጽ ኣብ ዝግበር ኩሉ መደባት ህዝቢን መንግስቲን ኤርትራ ንምዕዋት ሎሚ'ዉን ከም ትማሊ ድሉዋት ከም ዘሎና መብጽዓና ነሐድስ።

ሓርበኛ ኣይነብርን'ዩ ፤ ታሪኹ'ዩ ዝዉረስ!
ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንሰማእታትና!

ወትሩ ዓወት ንሓፋሽ!
ሃገራዊ ሽማግለ ኤርትራውያን ኣብ ሕ/መ/ኣሜሪካ
መጋቢት 07, 2014